ናይ ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት አብ ኽባቢ ኪዳነ ምህረት ንዘስርሑ ናይ ሰብ መሰጋገሪ ድልድል ከጫርት ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 18, 2018 (ቅድሚ 9 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 1, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:1500
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 1, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መንገዲን ድልድልን ስራሕቲን/

ን3 ግዘ ጨረታ ምልክታ

ናይ ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት አብ ኽባቢ ኪዳነ ምህረት ንዘስርሑ ናይ ሰብ መሰጋገሪ ድልድል ከጫርት ይደሊ አብ ርእሱ ከምዝተገፀ ናይ ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት አብ በጀት ዓመት 2018ዓ/ም እቲ አብ ኽባቢ ኪዳነ ምህረት ንዝስራሕ ናይ ድልድል መንድቕ ነቲ ዝስዕብ ረቁሓታት ንዘማልኡ ተጫረቲ ብምጭራት ምስ ሰዓራይ ውዕል ብምእሳር ነቲ ድልድል መንድቕ ከስርሕ ይደሊብዝተመሓየሸ መምርሒምትእስሳር ዕደገፋ ደቀቅትን አናእሸተንን ማእኽለዋትን ኢንዳስትሪ ትካላት ቁፅሪ 10/2016 መሰረት አናእሹተን ንግዲ ትካለት አብ ስራሕቲ መንገድን ጠቕላላ ስራሕቲ ህንፃን መንገድን ፍቃድ ንዘለዎ ንኽልተ ግዚ ጨረታ ወፂኢ ኣብ ዘባ ደቡብ ትግራይ ወረዳ እምባአላጀ ከተማ ዓድሸሁ በቲ ዝወፀ ብትኪ ተጫረትቲ ክርከቡ ሰለዘይኽአሉ በቲ መምርሒ አብ ዓንቀፅ 20 ተራ ቁፅሪ 4ን5ን መሰረት ንዝስዕብ ረቁሓ ንዘማልኡ ከጫርት ይደሊ

1) ናይ2017ዓ/ም ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድን ኮንስትራክሽን ፍቃድ ዘለዎ

2) ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኽፈለምኻኑ ዘረጋግፅን ቫት ተመዝጋቢ እንተኾይኑ ምስ ድክላሬሽን ዘቕርብን ናይ መወዳእታ ወርሒ ቲን ናምበር ዘለዎ ክኽውን ኣለዎ እቶም ዝትጠቀሱ መረዳእታት ናይ ምቅራብ ግቡእ አለዎ

3) ናይ መንገዲ /ድልድልን/ ወይ ኽዓ ናይ ህንፃ ፍቃድ ዘለዎ ብርኪ 10' ብዝተመሓየሸ መምርሒምትእስሳር ዕደገፋ ደቀቅትን አናእሸተንን ማእኽለዋትን ኢንዳስትሪ ትካላት ቁፅሪ 10/2016 መሰረት አናእሹተን ንግዲ ትካለት አብ ስራሕቲ መንገድን ጠቕላላ ስራሕቲ ህንፃን መንገድን ፍቃድ ዘለዎ ክኽውን አለዎ

4) ናይ ጨረታ ሰነድ /ዶክመንት/እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ 18/06/2018 ዓ/ም ጀሚሩ ዘይምለስ ብር 1500 ብምኽፋል ካብ ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት ኽ/ስ/ዕደጋን ፋይናንስ ምምሕዳር ምውሳድ ይኽእል

5) ናይ ጨረታ መኽበሪ ዝትርጋገፀ ናይ ባንኪ ሲ ፒ ኦ cp.o ብር 20,000 ብሸም ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት ዘቕርብ

6) ምስ ጨረታ ሰነድን አብ መምርሒ ዝተጠቀሱ ጨረታ ምምርሕታት ኣኽቢሩ ዝጫረት አካል ነቶም መምርሕታት ናይ ምኽባር ምትግባርን ግቡእን መሰልን አለዎ

7) ተጫራታይ እቲ ጨረታ ሰነድ ዋጋ ብዝይ ስርዝ ድልዝ መሊኡ ኦርጅናል ንበይኑ ኮፒ ንበይኑ ብስምዒ ብዝትዓሸገ ፖስታ ብምግባር ናይ ምቅራብ ግቡእ አለዎ

8) እቲ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት18/06/2018ዓ/ም ጀሚሩ ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት ነዚ ጨረታ ተባሂሉ አብ ዘዳለዎ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ አብ ወረዳ አምባአላጀ ከተማ ዓድሸሁ ማዘጋጃቤት እቲ ጨረታ ንዕለት 01/07/2018 ሰዓት 4:00 ተዓዕዩ በቲ ዕለት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ሕጋዊ ሰነድ ናይ ዘማልኡ ሰዓት 4:30 ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዘለውሉ ይኸፈት

9) እቲ ቤት ማዘጋጃ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ናይ ዓድሽሁ ማዘጋጃ ቤት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle